ቤት ፅሕፈት አገልግሎት ቀረብ መሰተ ማይ ከተማ ማይጨዉ ንቲ ቤት ፅሕፈት አገልግሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ንብረት ማለት እዉን ናይ ማይ ሓፂን ፕላስቲክን መገጣጠሚን : ናይ ማይ ቆፅርቲ : ናይ ቴክኒክ ኣቅሑት መሳርሒ :ፅሕፈት ኣቅሑት : ፅሬት ኣቅሑት : ኤሌክትሪክ ከምእዉ ናይ ማይ ኬሚካል ክሎሪን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 22, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 5, 2018 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ናይ ማይ መገጣጠምን ቆፀርትን 10000 ቅርሺ : መሳርሒ ፅሕፈትን ኣቅሑት : ፅሬት ኣቅሑት 5000 ቅርሺ : ኤሌክትሪክ 10000 ቅርሺ: ናይ ማይ ኬሚካል ክለሪን 3000 ቅርሺ
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 5, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኬሚካልን ሪኤጀንት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮኑ

2 ናይ ዘመኑ ፍቃድ ዘሐደሱን ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝከፈሉን መረዳእታ ከቅረቡ ዝክእሉ

3 ናይቶም ንብረት ዝርዝር ዝሐዘ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 10 ብምክፋል ካብ 21/2/2018 ዓም ጀሚቱ ካብ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 1 ብምዉሳድ ዋናን ቅዳሕን እቲ ሰነድ ጨረታ ብምዕሻግ ናይ ተጫረቲ ሽምን ፊርማን ማህተምን ብምዕራፍ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታዉ ይክእሉ

4 ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን በቢሮ እምበር ብእርሳስ ክፀሓፈ የብሉን

5 ጨረታ አብ አየር ዝፀንሐሉ ካብ 21/2/2018 ዓም ክስብ 5/3/2018 ዓም ይከዉን

6 ናይ መገጣጠምን ቆፀርትን ጨረታ 5/3/2018 ዓም ልክዐ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 3:40 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክብሉ ይክፈት

7 ከምእዉን ናይ መሳርሒ ፅሕፈትን ኣቅሑት : ፅሬት ኣቅሑት : ኤሌክትሪክ: ናይ ማይ ኬሚካል ክለሪን ድማ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓተ 8:00 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ 8:20 የክፈት

8 ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ናይ ማይ መገጣጠምን ቆፀርትን 10000 ቅርሺ : መሳርሒ ፅሕፈትን ኣቅሑት : ፅሬት ኣቅሑት 5000 ቅርሺ : ኤሌክትሪክ 10000 ቅርሺ: ናይ ማይ ኬሚካል ክለሪን 3000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ብስፒኦ ከትሕዙ አለዎም

9 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ 10 ሚእታዊ መከበሪ ዉዕሊ ብጥረ ገንዘብ የትሕዙ

10 ሰዓርቲ ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ካብ 15/3/2018 ዓም ጀሚሮም ዉዕሊ ብምእሳር ብናይ ባዕሎም መጎዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት አገልግሎት ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ማይጨዉ ንብረት ክፍሊ አታዊ ይገብሩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ እቲ ዉዕሊ ዝኣስርዎ መዓልቲ ዝተጠቀሰ ኣታዊ እንተዘይገይሮም መከበሪ ዉዕሊ ዝተሓዝዎ ገንዘብ ብቅዕፃት ናብ ካዝና መንግስቲ አታዊ ይገብሩ

12 ክፍሊት ብዝምልከተ ድማ ንብረት ምስ ኣረከቡ ሒሳብ ሑሉእ ብሙለ ብሐደ ግዜ ይክፈል

13 ኣብ ዝቀርብ ንብረት ወካሊ መርኣያ ወይ እዉን ሳምፕል ከቅርቡ ግድን ይከዉን

14 እቲ ቤት ፅሕፈት ኦርጅናል ንብረት እንተዘይ ኣቅሪቦም ናይ ምምላስ መሰሉ ሕልዉ እዩ

15 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስረዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

16 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0953176749 0347771276

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle